ዕለት፣ የካቲት 11. 1998

# የካቲት 11 ዝክረ ሰማእታት

ካብ ኣሕፈሮም

እዚ ፅሑፈይ ክተንብብዎን ልቢ ኢልኩም ክትርድእዎን ተስፋ እገብር ።

ናኣና ንናይ ኣካል ጉዱኣት ናብ ሓደ ካምፕ ዝሰብሰቡና ብ1982 ሚያዝያ እዩ ። ኣብ መጀመርያ ከባቢ ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ብፆትና አምፅኦም ኣብ ውቅሮ ምስአቐመጥዎም ኣብ ትግራይ ዝነበርና ከዓ ብ1983 መስከረም ናብ ዓድግራት ክንእከብ ተፀዋዕና ። ምስተኣከብና ከዓ ኣብ ብጊዜ ጣሊያን ዝተሠርሐ ናይ ወታደራት ካምፕ ሎሚ እንዳ አዕዋፍን ጠበቕን ኮይኑ ዝነብረ ብደግኡ ጥራሕ ቀለም ተለኺዩ ውሽጡ ግን ብጣዕሚ ዝጠቀረ ሰፈር ንዳጎን ። ዝሽፍአ ናብራ ከዓ ይገጥመና ። ብዙሓት ዓይነ ሥዉራን ፧ ሽክና ርእሶም ዝተሰብሩ ፧ ዓንዲ ሕቖኦም ዝተሰብሩ ፧ ናይ ቀረባ ሓለዋን ክንክንን ዘድልዮም ካብ መደቀሲኦምን ተሸከርካሪ ወንበርን ዘይትስኡ ኣባላት ኣለውና ። መብዛሕቲና ቁስልና ኣይሓወየን ግን ባዕልና ንባዕልና ኢና እንተሓላሎ ። ሠራሕተኛ እኹል አይነበረን ። ሞት መዓልቲ ማዓልቲ’ዩ ። ምውታትና እንዳ ዮሓንስ ኣብ ዝበሃል ቤተክርስትያን ኢና እንቐብሮም ነይርና ። እቱ ብጣዕሚ ዘሕዝን ካዓ ካብ ክንደይ ባርዕ ኲናት ብፍርቂ ህይወት ወፂኻ ሳኣን ዋናን ጠማትን ምሟት’ዩ ። ንዝሞቱ ብፆትና ጉቡእ ፍትሓትን ፀሎትን ክንገብረሎም ሽም ክርስትናኦም ንገሩና ተባሂሉ ብናይ ሃይማኖት አቦታት ክሳብ ዝሕተት ዝተበፅሓሉ ኲነታት እዩ ነይሩ ።

መቸም ብሰላም ጠይቕካ ብአምባገነናዊነት ብሒም ከይትብል ዝብል መልሲ እንትመፅእ ብረት አልዒልካ ምፍላምን ንሕቶታትካ ክቡር ህይወት ከፊልካ ግቡእ መልስ ንምርካብ እንትትጅምር ኣብ ከይዲ እቲ ምፍላም ዘጋጥሙ ሽግራት ብፀጋ ምቕባልን ዋጋ ምኽፋልን ናይ ግድን እዩ ። ነዚ ናይዚ ቃልሲ ፀጋ ምቕባል ዝተስኣኖም እንባዓል መለስ ግን ድሕሪ ምዝዛም እቲ ናይ ብረት ቃልሲ ዝተጠየቕዎ ዋጋ ንምኽፋል ፍቓደኛታት ኣይነበሩን ። ካሊእ ይትረፍ ኣብ ከይዲ እቲ ቓልሲ ዘጋጥሙ ዝነበሩ ኣፈላላያት ምፃር ኣብዩዎም ንገለ ብሕይወት ምጥፋእ ንገለ ኻዓ ናይ ምግላል ስጉምትታት እንዳወሰዱ ዝፀንሑ ግለሰባት እዮም ። ንሕና ናይ ኣካል ጉዱኣት ከዓ ንምንታይ ኢኹም ኪሒድኩምና ዝብል ሕቶ እንትንሓቶም "እዛ ሃገርኮ ባዶ ካዝና ኢያ ተረኪብናያ" እትብል ናይ ምጭብርባር መልሓሶም እዮም ዝዝልዝሉልና ዝነበሩ እሞ ድማ ብትክን ኣቦራን መኻይኖም እናተዓጠንና ። ናይ ጠቕላላ መኋዓዝያ ጋራዥ ሱር ዝበሃል ኣብቲ ጥቓና’ዩ ዝነበረ ።

ከምዚ እንዳሃለወ ብ1984 መጋቢት ናይቲ ዞባ ሓላፊት ዝነበረት ትሩፋ ኪዳነማርያም እትባሃል ካድረ ደሓር ከዓ ናይ ክልል ትግራይ ፍትሕን ፀጥታን ሓላፊት ዝገበርዋ መፂኣ ኣኼባ ትገብረልና ። ንሳውን ተደሪሱ ዝተውሃባ ጽውዕዋያት መልእኽቲ ንምሕላፍ ሃተፍ ትጅምር’ሞ ዝበዝሕ እቲጉዱእ ኣካል ገዲፍዋ ይብተን ። ቀጥታ ከይዳ ከዓ ሕንኽ እንተይበለት "እዚኣቶም ሕንቁቓትን ሓለፋ ዝፅበዩን እዮም" ኢላ ትሕሱ ። ድሕሪ 3ተ ማዓልቲ  ሰብኣያ ዓባይ ወልዱ ይመፅእ’ሞ ሕቶታትና ጉቡኣትን ሓቅታትን ምኻኖም ደረጃ ብደረጃ ከዓ ክፍትሖ ከምዝኽእሉ ብምዝራብ ናይተስፋ ሕምባሻ ኣስኒቁና ይኸይድ ። እዚ ዝገበርዎ ግን ስለዝደንገፁልና ዘይኮነስ ሰላማዊ ሰልፊ ስለዝሓተትና’ዩ ነይሩ ። ብምኽኑ ከዓ ኣብ መፋርቕ ሚያዝያ ልክዕ ሰዓት 4ተ ምሸት ካብ ምድቃስና እንዳጎተቱ ኣውፅኦም ኣብ መይዳ ቦታ ይእክቡና ። ኣከታቲለን 3ተ ማካይን ተማሪሐን ናብቲ ዝተኣከብናሉ መይዳ ይመጻ ። መጀመርያ 4ተ ዕጥቆም

ብስዉር ዝሓዙ ወታደራት ዝል ዝል ኢሎም ይወርዱ ። ደድሕሪኦም ከዓ መለስን ተወልደ ወ/ማርያምን ኣከታቲሎም ወረዱ'ሞ መለስ "ከመይ ኣለኹም" እትብል ሓንቲ ቓል ይድርቢ'ሞ ቀፂሉ "ሰላማዊ ሰልፊ ሓቲትኩም ሰሚዐ ፤ ንምንታይ ናብ ሰላማዊ ሰልፊ ትቀጻደሙ ፤ ሰላማዊ ሰልፊ ዝግበርኮ ኣብ መንጎ ተፃራሪ ጥቕምን ዕላማን ዘለዎም ክፍልታት'ዩ" ኢሉ ፍልስፍናኡ ምስ ነዝሐ ሓደ ተሾመ ዝበሃል ዓርክና ዕድል ይሓትት'ሞ ክዛረብ ምስተፈቐደሉ "እሞ ሕዚኮ ኣብ ሞንጎኹምን ኣብ ሞንጎ ህዝብናን ንሕናን ዘሎ ናይ ናብራን ጥቕምን ኣፈላላይ ገና ብገንኡ እቲ ኣብ በረኻ ዝፈሰሰ ደምናን ቁስልናን እንተይደረቐን እንተይሓወየን ክንዲ ሰማይን ምድርን እንዳተራሓሓቐ ይኸይድ ኣሎ ፤ ጉቦ ወገናዊነት ስእነት ሥራሕ ፤ ስእነት ፍትሒ በዚሑ ፤ ተስፋናን ተስፋ ህዝብናን እዚ ኣይነበረን" ኢሉ ዘረባኡ ምስወደአ ፤ መለስ ሕቶታትና መሠረታዊያንን ሓቅታትን ምኚኖም ስለዝፈለጠ ክምልሶም እውን ፍቓደኛ ስለዘይነበረ "በሉ ጊዜ የብለይን ክትሓትዎ እትደልዩ ሕተቱ እንተጥዒሙኒ ባዕለይ እንተዘይኮይኑ ከዓ ሰብ ክልእኸልኩም'የ" ኢሉ ናይ ሕቶ ዕድል ይኸፍት ።

ከምዚ ዝስዕብ ዝበሉ ዕብይ ዕብይ ዝበሉ ሕቶታት ይሕተቱ ፤

1. ተስፋን ትፅቢትን ሃገርን ህዝብን እንዳገደፍኩም ናብ ናይ ግሊ ናብራኹም ምምዕርራይ ትኣትዉ ኣሎኹም ።
2. ጉቦ ግዕዝይና በዚሑ ፡ ሳኣን ፍትሒ ህዝቢ የእዊ ኣሎ ፤ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ፤ ሕክምና ፤ ትራንስፖርት ፤ ትምህርቲ የለን ።
3. ናይ ጥሮታ መሰልና ይተሓሎ ፤ ማዓልታዊ ናብራና ይተዓራረ ፤ ካብ ክንደይ ባርዕ ኲናት ብፍርቂ ህይወት ወፂና ሰኣን ክትትል ኣብ መዓልቲ ክልተ ንቐብር ኣለና ።
4. እዞም ዘመሓድሩና ዘለዉ ካድረታት ይለዓሉልና ሲቪላትን ዝተምሃሩን ሰብኣዊነት ዝስመዮምን ይገበሩልና ።
5. ሠሪሕና ክንነብረሉ እንኽእል ባይታ ይመዓራረየልና ፤ እቶም ክሰርሑ ዘይኽእሉ ክሳብ ጊዜ ሞቶም ኮፍ ዝበሉ ከዓ ጥዑይ ቆላሕታን ክትትልን ቦታን ይወሃቦም ካብ ብፀገም ምሟት ይድሓኑ ።
6. ኣንፈት ናይቲ ዝደመናሉ ዕላማ ይነፀር ወዘተ ዝብሉ ነይሮም ።
   መለስ ከዓ ምንም መልሲ እንተይሃበ ንቶም ጥያቔታት ኣብ ብጣሽ ወረቐት

ፃሕጊጉ ይኸይድ ።

ኣብቲ ጊዜቲ እቶም ሰያጥን ኣመሓደርትና ካድረታት ጋዜጠኛታት እዮም ዝመስሉ! መን ይቃወም ኣሎ ፡ መን ይሓትት ኣሎ እናረኣዩ ሽም ዝርዝር ይፅሕፉ ነይሮም ።

ድሕሪ 3ተ ወርሒ ኣቢሉ ከዓ ንተን ሕቶታት ሒዙ ኣለም ሰገድ ገ/ኣምላኽ (ገብናን) ይመፅእ'ሞ መጀመርያ ሃገራውን ዓለማውን ኩነታት ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ይገልፀልና፤

ከም እትርእዎን እትሰምዕዎን ዘሎኹም እዛ ሃገር ምስ ማዓት ዕዳኣን ባዶን ኢና ተረኪብናያ ዘለና። ከምኡ ከዓ ከም ግፍሓታን በዝሒ ህዝባን ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ስምዒትን እዩ ዘሎ ። እዚ ንምቕራፍን ናብ ሓደ ንምምፃእን ከዓ ዝተናወሔ ቃልሲ ከድሊ እዩ ። ዓለምና'ውን ሎሚ ኣብ ትሕቲ ሓደን ሓያልን ዳኛ ወዲቓ ኣላ ። ስለዚ እቲ ሕዝናዮ ዝነበርና ኣንፈት ሒዝና እሞ ምስ መዓት ድኽነትና ገደል'ዩ ። ነቲ ኣንፈት መሊእና ብዜሮ ደረጃ እንተኪሕድናዮ'ውን ገደል'ዩ ። ስለዚ ሓደን ንፁርን ኣንፈት ዝተሓዝ ሚዛን ዓለማዊ ኩነታት ርእኻ'ዩ ። ገሊኦም ዝሓተትኩምዎም ሕቶታት በዚ መሠረት ራኣይዎም ። “

ናይ ናብራኹም ጉዳይ ባጀትን ኃይሊ ሰብን ተወሰኹ ክማዓራረ እዩ ። ናይ ጥሮታኹም ዝምልከት'ውን ከም ኣጀንዳ ክተሓዝ'ዩ ። ኣማሓደርትኹም ብዝምልከት ብገምጋም ክስተኻኸሉ ምግባር'ዩ ። እንተዘይኮኑ ከዓ ሓደ ፍታሕ ክድለየሉ እዩ ፤ ኢሉ ሕፅር ብዝበለ መንገዲ እዩ ዝመለሰልና ። ድሕሪ ዝተወሰነ ጊዜ'ውን ብዛዕባ ናይ ጥሮታ ምኽባር ብዝምልከት ንምዝርራብ ኣኼባ ፀዊዖም ነይሮም ። ቅድሚ ናባና ምምፃኦም ግን ዓርስ ብዓርሶም ንቐደም ናይ ጥሮታ ደረጃኦም ኣፅዲቖም ገሊኦም ክንዲ ናይ ብርጌድ ኣዘዝቲ ገሊኦም ከዓ ካብኡ ንላዕሊ ገይሮም ናይ ጥሮታ ኣበሎም 850ን እንካብኡ ንክኸውን እዮም ኣፅድቖም ። ምሳና ብዛዕባ ናይ ጥሮታ መሰልና ንምዝርራብ እንትመፁ ሕዞምዎ ዝመፁ ግን ብጣዕሚ ፀበብቲ መገምገሚ ነጥብታት ጥራሕ እየን ነይረን ። እዚኣተን ከዓ ህይወት ታሪኽና ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝነበረና ተራን ሕዚ ዘለናሉ ኩነታትን ፡ ኣብ እንገብሮም ዝነበርና ኣኼባታት ንንሕድ ሕድና እንሕዞም ዝነበርና ቅዋማትን ዝንሓቶም ዝነበርና ሕቶታትን ፡ ውድብ እንተሃልያ ጥራሕ ኢና እንህሉ ዝብል ኣረኣእያ ኣለዎዶ የብሉን ፤ ምስሓለፍቲ ዘለዎ ርክብን ጠቕላላ ሥነ-ምግባሩን ፤ ሕዝኽ ንቓልሲ ድልው ዲዩ? ዝብሉ ምስቲ ጉዱእ ጨርሶም ዘይራኽበ መዐቀንታት ሚሂዞም 95% እንኸውን ካብ ጥሮታ ተራ ወታደር 85 ቅርሺ ንላዕሊ ማለት እዩ ከይንወፅእ ብምግባር እቱ ፀገም ኣካለ ስንኩል ካብ ርእሶም ከውርዱ ላዕልን ታሕትን ኢሎም ። እዝጊ የርእኹም ብጥይት ሓፀውፅው ኢሉ ዓዲ ውዒል ንዝኾነ ስንኩል እቲ ውድብ ናቱ ከምዘይነበረ ከም ጓናን ፀላእን ገይሮም ንዝተረፈት ህይወቱ ዝመርሓላ ናይ ጥሮታ መሰል ፀበብቲ መንቀርቅሮታት ፈጢሮም ኣብ ዓቢይ ነስሓ እሞ ከዓ ንዘይምለስ ኣካል ኣብ ፀልማት ዓለም ከንቱ ገይሮምዎ ከብቅዑ ፤ ዘይሓንኩ ድማ ህልውና እቲ ስንኩል ከምኡ'ውን ህልውና ጠቕላላ ህዝቢ ትግራይ ምስ ህልውና መለስን ሥርዓቱን እንዳ ኣተሓሓዙ ብፍላይ ድሕሪ ናይ ዶብ ግጭት ብኹሉ ኣንፈታት ክውሕጡኻ ሃህ ኢሎም ዝፅበዩ ፀላእቲ ተቐሪቦም ኣለዉ ፤ እዳበሉ ኣብ ሰፍ ዘይብል ሥነ-ልቦናዊ ኲናት ኣእትዮምዎ እዮም ።

እዚ ከምዚ እንትኸውን ብ1995 ዓ.ም እንደገና ብተብተብ ሥልጠና ጀመሩ ንበሃል ብስራሕቲ ሓፂን መፂን ፤ ዕንጨይቲ፡ ሕርሻ ፤ ማእለማ ፤ ሕትመት ፤ (ሕትመት ማለት ከዓ ንምህርቲ እንዳገዛእኻ ቀለም ምቕባእ ማለት'ዩ) ምፍራይ ዶርሁ ፈተና ፀላእና በዚኣን ጥራሕ ከምንስልጥን ነጊሮምና ። እዚ ከዓ ዘፍረይዎ ብምንታይ ናብ ዕዳጋ የቕርቡ? ናይ ዕዳጋ ፅንዓት ብኸመይ ይካየድ? ኪሳራታት ኣጋጢሙዎም ምውዳኞ እንተጋጠሞም እንታይ ይኹኑ? ዝብሉ ግቡኣት ጥያቄታት እንተይ ተመለሱ ብዘይ ምንም ናይ ቀፃሊ ተስፋ እሞ እቶም ዘሰልጥኑና ሰብ ሞያ ግን መባእታ እምበር ሙሉእ ሥልጠና ከምዘይኮነ ቀፃሊ ክትትልን ሓገዝን መማሓየሺ ሞያ ሥልጠናታት ከምዘድሊ ሓቢሮም እንዳሃለዉ ፤ እዚ ከዓ ብኣካላዊ ዓቕሚ እቲ ስንኩል ብቐፅልነት ክስራሕ ከምዘይኽእል እንዳፈለጡ ሰላማዊ ሰልፊን ካልኦት ሕቶታትን ስለ ዝሓተትና ከምኡ ከዓ ኣብ ገለገለ ክፍለጠራት ዘዝቐደሙ እንድሕር ናብ ከምዚ ሽግር ደርቢኹምዎም እንታይ ተስፋ ሒዚና ደኣ ክንዋጋእ ዝብል ሕቶ ስለዘስዐበ ቶሎ ንበትኖም ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ ነይሩ ። ድሕሪቱ ሥልጠና ከዓ ፋሕ ብንጭራሕ የብሉና ። ብዘይካ ቶም ኣብ መቀለን ኣኽሱምን ብኣክስዮን ኢሎም ዘጣየስዎም ብጉጅለ (ብሽርክና) ዝተጣየሹ ጉጅለታት'ውን ነይሮም እዮም ። ኣብ ዓድግራት ብብረታብረት 25 ፤ ኣብ ውቕሮ ብሕርሻ 20 ፤ ኣብ ኣኽሱም ብህርሻ 19 ኣብ መቐለ ብሕርሻ 8 ኣብ ዓድግራት ብምፍራይ ደርሁ 10 እንትነብሩ እዚኦም ብሙሉኦም ናብ ኢዶም ብዝተውሃቦም ናይ መጣየሺ ገንዘብ ፈፂሙ ኣይነበረን ። ሥራሖም ዝጀመርዎ ብዝኣረጉን ብዘይተማለአን ኣቕሑትን እዩ ነይሩ ።

ኣብ ዓድግራት እግሪ ኣትኪልናዮም ኢሎም ዝደረበዩዎም ሕዚ ብኽልተ መበየዲ ማሽናት ንሳተን ከዓ 3-4 ዙራት ሥልጠና ዝተኻየደለን መዓልቲ መዓልቲ ዝፅገና ፤ እቲ መሥርሒ ቦታ ዳስ ሰሪሖም እንትረኽቡ ነዐአን ተማቒሎም ይበልዑ፡ እንተዘይረኺቦም ፆሞም ይሓድሩ በቃ ጨኒቑዎም ወፂኦም ዕልምልም ዝጠፍኡ ኣለዉ ። ተስፋይ ገ/ሞካኤል ሓወይ ኣለኒ ኢሉ ናብ ኤርትራ ከይዱ ኣብ 3ይ ዓመቱ ተባሪሩ መፅዩ ሐዚ ኣብ ስሚንቶ ፋብሪካ መቐለ ዋርድያ ተቖፂሩ ብ250 ይነብር ኣሎ ። ገብረ ኣምላኽ በርሀ ልዒሊ ብርኩ ዝተቖረፀ እዩ ። ኣብ አዲስ አበባ ኣብ ልመና ኣሎ ። ኣረጋዊ ገብረ ክርስቶስ ኣብ ዓድዋ ምስ ወለዱ ፤ ምዕዙ ፡ ኃይላይ ዓዲ ኣሕፈሮም ገሊኦም ድማ ብሞት ዝተፈለዩ፤፤ ሐዚ ቅድሚ ዓመት ንህይወቶም ኣብ ዘስግእ ደረጃ ስለዝበፅሑ ጥርዓናት’ውን ስለዝበዝሐ ካብ ባዕሎም ካብ ህዝቢ ወዲ ኣዋሽ ዝባሃል ናይቲ ከተማ ኣማሓዳሪ ስርናይ ክወሃቡ ይእዝዝ’ሞ ክልተ ወርሒ ዝኸውን ምስተውሃቡ ፤ ባርኖስ ዝበሃል ካድረ ናይ ጠቕላላ ጉዱኣት ማሕበር ሓላፊ ንሕና ብዝግባእ እግሪ ስለዘትከልናዮም ስርናይ ረድኣት ክወሃቡ ኣይንቕበሎን ኢሉ ከምዝተዛረቦ ንቶም ጉዱኣት ፀዊዑ ይነግሮም ። ግን ንስኻትኩም ናይዚ ወረዳናን ዞባናን ሰኽሚ ስለዝኾንኩም ክሳብ ሓደ ፍታሕ እንደሊ ናብታ እትሰርሑላ ቦታ ብጋሪ ክመፀኩም’ዩ ኣብኡ ተኻፈልዎ ኢሉ ይነግሮም ። እዚ ትርጉሙ ከዓ ናብቲ ህዝቢ ብተራ ረድኤት ዝቕበለሉ እንተኸይኖም ህዝቢ ክርእዮም’ዩ ፀሓይ ዝወቅዖ ወንጀል ክኸውን’ዩ፤ ንዚኦምኳ ዘይኮነስ ሃገር ከቃንዕ ዝኽእል መንግሥቲ ኣይኮነን ዝብል ኪሳራ ከይበፅሖም’ዩ ነይሩ ። ግን ካብኡ ዓዲ ኣይዋዓሉን ።

ቅድሚ 5ተ ዓመት መለስ ናብ ሚዲያ ቀሪቡ ሓዱሽ መደብ ዕዮ ኣውፅእና ኣለና ፤ በዚ ሓድሽ መደብ ዕዮ ከዓ ኣብ ዝቕጽሉ 5ተ ዓመታት 3ተ ጊዜ ኣብ መዓልቲ ክነብልዐካ ኢና ኢሉ ንተአምራዊ ለውጢ ዝተቐረበ ክመስል ባዶ መፅባዓ ተማፃቢዑ ነይሩ ። ግን ህዝብና 3ተ ጊዜ ይትረፍ’ሞ እታ ሓንቲ ጊዜኳ ከብዱ ክሳብ ዝፀግብ ኣይበልዐን ። ኣብ ሓደ ኣኸባ ሓደ ነባር ተጋዳላይ እዩ ምስ ሓለፍቲ ተባኢስካ ኢሎም ዘባረርዎ’ዩ ንህዝቢ ኣኪቦም ካድረታት ብዛዕባ ናይ 5ተ ዓመት መርሓ ግብሪ ይሕተት’ሞ ኣስዒቡ እቲ ተጋዳላይ ነበር "ንስኻትኩም ሎሚ መዓልቲ ደርሆ ብፃዕዳ ጣፍ ተደሪርኩም ንፅባሕ ምሳሕ በጊዕ ትሓርዱ ፤ ንሕና ድኻታት ከዓ ዕምኽቲ ቆሎ ተደሪርና ንፅባሕ ርጉድ ዝበለት ቅጫ ክንረክብ ንፅሊ ። ስለዚ እቲ ዘሎ ዳኣ ኣይኽለአና እምበር 10 ዓመት ሙሉእ እንትርፌ ዝኽፍአ ምንም ኣይረእናን" ኢሉ። ዝገርም’ዩ ዝኸበርኩም ኣንበብቲ እዚ ናይ ልቡ ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ተዛሪብና ንለውጢ ዶኾን ይሠርሑ እካብ ዝብል ወይ ናይ ምዝራብ ነፃነት ስለዝሃለወ ዘይኮነስ ካብዚ ንላዕሊ ዝመፅእ እንተደኣ ሃልዩስ ይምፃእ ካብ ዝብል ተስፋ ምቑራፅ ዝነቐለ እዩ ።

እቶም ኣብ ውቕሮ ብሕርሻ እግሪ ኣትኪልናዮም ኢሎም ዝደርበዩዎም 20 ኣካለ ስንኩላት’ውን ተመሳሳሊ ሽግር እዩ ገጢሙዎም ። ኣርትፊሻል እግሪ ዝገበሩ ኣካለ ስንኩላን እዮም ። ኣብ ጭቃ እናኣተዉ ብሓንቲ ኣረጊት ናይ ማይ ሞተር 2ተ ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ብመስኖ ከልምዑ ይጅምሩ’ሞ ፡ ኮሚደረ ፤ ድንሽን ሰላጣ የፍርዩ ። እቲ ምህርቲ ብፌስታል እናተሸከሙ እሞ ሓንከስ እንዳበሉ ናብ ዕዳጋ ከመላልሱ ሓደ ናይ ወንጌት ቤተ ክርስትያን ሓላፊ ቀሺ ብዙሕ ጊዜ ይርእዩዎም። እዞም ቀሺ እንካብቶም ኣካለ ስንኩላን ፀዊዖም ብምዝርራብ ኩሉ ሽግራቶም ምስ ተረድኡ በሉ ዝሰማመዐኩም ካሊእ ሥራሕ ኣፅንዑ ፤ ዘፅንዑልኩም ሰብ ሙያ ክንገብረልኩም እና ገንዘብ’ውን ክንምድበልኩም ኢና ኢሎም ተስፋ ይህብዎም ። እዛ ዘረባ እንከይ ፀንሔት ናብ እዝኒ እቶም ኣብ መቐለ ዝርከቡ ሓለፍቲ ትበጽሕ ። ድሕሪ እዚ ባርኖስ ዝበሃል ካብቶም ካድረታት ናብቶም ቀሺ ከይዱ፤ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ንምግባር ዋላ ንፕሮጀክት ሕጋዊ ማሕበር ኣካለ ስንኩላን መስሪያ ቤት ኣለና ባኣና ኣቢሉ እዩ ክበጽሖም ዘለዎ ፤ ብቀጥታ እውን ኢና እነብጽሔሎም ኢሉ

ብምጭብርባር 25.000 ቅርሺ ወሲዱ ክልተ ናይ ፀባ ኣላሕም ብ3000 ቅርሺ ገዚኡ ዝተረፈ ንባዕልቶም ተማቒሎምዎ ። እተን ዝሃቦም ክልተ ኣላሕም ከዓ እታ ሓንቲ ኣብ 2ይ ወርሓ ትመውት ። እዞም ኣካለ ስንኩላን ከዓ ሐዚ ተበታቲኖም ኣብ ዓቢይ ሽግር ወዲቖም ይርከቡ ። ካብ ዝገርም ከዓ ዝኾነ ገባር ሰናይ ብቀጥታ ክሕግዝ ኣይፍቀደሉን ። ንሕና ክስራሕ እንደልዮ ነቕርበልኩም ፤ እቲ ገንዘብ ከዓ ብቐጥታ ናኣና ትህቡና እዩ ዘሎ ። ሐዚ ኣብ ትግራይ ገባር ሰናይ ዝበሃል የለን ። ማሕበር ረድኣት ትግራይ "ማረት" ከዓ ናይ ባዕላቶም መሳለጥያ ንኸስቢ (ንትርፊ) ዝሰርሕ ናይ ንግዲ ውዳበ እዩ ። ፍትሓዊ ልቓሕ እንዳበለ ንሓረስቶት ትግራይ ኣብ ሰፍ ዘይብል ድኽነት ኣእትዩዎም ከዓ ይርከብ ። ማረት ንቱ ገባር ብኃይሊ እንተይፈተወ ንኽልቃሕ ብምግባር ኣብቲ ዝተወሰነሉ ጊዜ ክምልሶ እንተዘይኪኢሉ ሰፍ ዘይብል ወለድ እናፀዓነት ዘለዋኡ ጥሪትን ጠቐላላ ንብረቱን ትሕዞ'ሞ ከይፈተወ ዘለዋኡ እንስሳ ሸይጡ ክምልሶ እያ ተገድዶ ። በዚ ምኽንያት ከዓ ክረምቲ እንታቱ እኽሊ ከይዘርአ መሕረሲ ብዕራይ የስእንዎ ። ዕያሉ ሒዙ ገዛኡ ኣገፍቲኑዎ ናብ ልመና ክኣቱ ከዓ ይግደድ ። ትማሊ ፍትሕን ዴሞክራሲን ፤ ሰላምን ዝተመሓየሸ ናብራ ንምርካብን ተመኒዩ ደቁ እንዳመረቐ ናብ ባርዕ ኲናት ዘፋነወ ህዝቢ ፍዳኡ እዚ ኾይኑ ይርከብ ኣሎ ።

ብ1994 ዓ.ም ድሕሪቲ ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ምክፍፋል ንቶም ንመለስን ኣካይዳኡን ተቓዊሞም ዝወፁ ማ/ኮሚቴ ስም ናይ ምጥፋእ ዘመተ ብሰፊሑ ይካየድ ነይሩ ። ናይ ሰብ ስም ንምጥፋእ ዝበሃሉ ፀለመታት ኩሎም ተባሂሎም እዮም ። ናይ ህዝቢ ሥራሓውቲ'ውን ብኣኼባታት ምኽንያት ኩሎም ጠጠው ኢሎም ፤ ኣከታቲሉ'ውን ኮንፈረንስ ተፀዊዑ መለስ ሰዓት 12፡00 ክኣቱ እዩ ተባሂሉ ቋንቋኦም ብዘይስማዕ ወታደራትን ማሽንጋናትን ብዝተፃወደን ማካይን ንሕድ ሕድ ኣንጎሎ ከተማ መቐለ ኣብ ዝባን ፎቓት ብሬናት ተተኺሉ ሰብ መንቀሳቐሲ ከሊኦምዎ ሓዲሮም መለስ ሰዓት ሓደ ንጎሆ መፅዩ እቲ ኮንፈረንስ ተኻይዱ ፤ ኣብ 3ይ መዓልቲ ይውዳእ ። ብድሕሪኡ'ውን ናይ ህዝቢ ኣኼባ ተፀዊዑ ኣብ ዝተሳተፍኩሉ ኣኸባ ሓዳ ዕድመ ዝተዓደሉ ወላዲ "ጉድ ኢና ሪእና ፤ መንግሥቱ ኃይለማርያም ናብዛ ከተማ ክኣቱ ኸሎ ከምዚ ናይ ሎሚ ዘጨንቕ ሓለዋ ኣይተገበረሉን፡ ባዕሉ መለስ'ውን እንተኾነ መሊቑ እንተዘይኮነ'ውን ብውሑድ ሓለዋ እዩ ዝኣቱ ዝነበረ ። ሐዚ ግን እንታይ ጉዱ'ዩ እምብዛ ተጠርጢርና" ኢሎም ። ስለዚ ክሳዕ ክንዲዚ'ዩ ህዝቢ ትግራይ ብዓይኒ መለስ ተፀሊኡን ተጠርጢሩን ዘሎ ።

ብ1995 ዓ.ም ወርሒ መጋቢት'ውን እቲ ንሃገርና ፍሒጥ ከብላ ዘይከኣለ ሕማም ኮራፕሽን (ግዕዚይና) ከቢድ ኮይኑ እንዳጎልሀ ምስከደ ናይቲ ኮራፕሽን(ግዕዝይና) ባይታ ህዝቢ'ዩ እንዳበሉ ምምኽናይ ኣብዚሖም ነይሮም ። ኢሉ'ውን ናይቲ ግዕዝይና ምዕራይ ካብቲ ዝተሓተ ደረጃ ናይ ቀበሌ ሓላፊ ንጀምሮ ኢሎም ናይ ቀበሌ ሓለፍትን ናይ ኣናሽቶይ መሥሪያ ቤታት ሠራሕተኛታትን ነባራት ተጋደልቲ ዝነበርኩምን ኢሎም እቲ ኣኼባ ይፅውዕዎ ይጅመር ። ዕላማ ናይቲ ኣኼባ ፀረ-ኮራብሽን(ግዕዝይና) ምኳኑ እቲ ቃልሲ ከዓ ካብቲ ዝተሓተ ኣካል ከምዝጅምር ይግለፅ'ሞ ካብቲ ተኣካቢ ብዙሓት ናይ ተቓውሞ ሕቶታት የቕርቡ ፤ ዘይምርድዳእ ይፍጠር ። ካብቶም ሕቶታት ሓንቲ ናይ ኣካል ጉዱኣት ዝበፅሓ ደስታ እትባሃል ናይ ቀበሌ 06 ምክትል ኣማሓዳሪት ዝሓተተቶ "ኣነ ናይ ካሊእ ኣይፈልጥን ፤ ባዕለይ ግን ክሕፀብ እንተለኹ ነብሰይ ብርእሰይ'የ ዝጅምር ። ርእሰይ ኣፅርየ እየ ሙሉእ ነብሰይ ምስ ኣፅረኹ መጨረሻ ክወፅእ እንትብል እግረይ የፅሪ ። ሎሚ ግን ግርምቢጥ ምፅራይ ብእግሪ ትጅምርዎ ። ንስኻትኩም ምስቲ ዝለዓለ ናይ መንግሥቲ ገንዘባዊ ትካላትን ንብረትን ሥልጣንን ቀጥታዊ ርክብ ዘለኩም ሓለፍቲ

ዘይፀረኹምስ ንምንታይ ንቐደም ናብዚ ደረጃ እዚ ከምዝወረድኩም ኣይነፀረለይን" ኢላ እቱ ሓቂ ተዛረበት ።

እዚኣታት ከም ኣብነት ዝጥቀስ እምበር ከምዚ ብሕቡእ ዝፍፀምዎ ወንጀላት ሓቢጡ ክፍንድእ እንትብል ንህዝብን ተራ ኣባሎምን እዮም ዘላግብዎ ። ብ1985 ዓ.ም’ውን ተመሳሳሊ ብርክት ዝበሉ ሓለፍቲ ናይ መንግሥቲ ሥራሖም እንዳገደፉ ወይ ብኻላይ ደረጃ እንዳሰርዑ ናብ ናይ ውልቀ ሥራሖም ንግዲ ፡ ገዛ ምስራሕ ፡ ናይ መንግሥቲ መካይን ንናይ ውልቀ ሥራሖም ምጥቃም ብዝመስል ኣብ ሰፊሕ ናይ ግዕዝይና ሕኹትኩት ኣትዮም ከምዝነበሩ ንህዝብን ተራ ተጋዳላይን ጋህዲ እናኾነ ከይዱ ወቐሳታት ምስ በዝሖም ዳር.ጋ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ዝርከብ ኣባል ኣኼባታት ተፀዊዑ ኣብ ተራ ኣባልና ቃልሲ እንዳገደፍካ ኣብ ናይ ግሊ ዕንክሊል ምእታው ኣበይ’ዩ መዕለብየይ ፅልምትምት ምቑዛም እኒህ ኢሎም ፅሒፎም ነቐፌታታት ኣቕርቦምሉ ። ነቲ ተራ ኣባል ንሕና ናይ ኣካል ጉዱኣት’ውን ከምኡ ዳር.ጋ ክልተ ሰሙን ዝወደአ ኣኼባ ተኻይዱ ብርቱዕ ተቓውሞ እዩ ገጢሙዎም ። ናብ ተራ ኣባል ትጓየዩ ዘለኹም ገበናኹም ንምሽፍፋን እንተዘይኮይኑ ንስኻትኩም እንዳረሳዕኩምዎ በየናይ ኣመራርሓን ኣንፈትን’ዩ ክቃለስ ። ንፁር መደብን ክትትልን ኣይትገብሩን ዘለኹም ። ዝቃለስን ዝሠርሕን ከዓ ኣካልን ቁመናን ኣይኮነን ። ንቓልሲ ዝኸውን ሕልናን ስብእናን እዩ ዘይትሠርሑሉ ዘለኹም ፤ ባዕልኹም ኣመሓደርትና ኢኹም ጥፍኣተኛታት ። ዝተወደበን ዝተጠናኸረን ተቓውሞ ስለዝገጠሞም ነዚ ብተናፀል ንምድኻም ድሕርቲ ሰፊሕ ኣኼባ ብ20 ብ30 እንዳ ኀጀሉ ከዳኽምዎ ሞኪሮም ። መውፀእቲ ኣፎም ዝገብርዋ ከዓ ህወሓት እንተዘይሃልዩ ንስኻትኩም ኀይኹም ዘይተምልጡሞ ግደፍዎ ጠቕላላ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ከብቅዕ’ዩ ፤ እንዳበሉ እዮም ዝድርጐሕዎ ። ዝገርም’ዩ ! ግን ህልውና ናህና ተጋሩ ካልኦት ኢትዮጵያዊያን እንተኾነ ንህልውናና ክፋእ ዝምነ የለን። እንተዘይኮይኑ ግና ብሕጋዊ መሰል ፍትሕን ርትዕን ስለዝሰኣና ጠመንጃ ኣልዕልና ምንቅስቓስና ከም ወንጀል እንተ ተወሲዱ እኒ ባዓል መለስን መባልዕቱን ሥልጣንን ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ሥጋ ከምዝሓዘ ዝብኢ ገቢትኩም ፤ ጽቡቅን ቅኑዕን መንገድታት ንዝሓበረኩም ከም ኣድጊ እናረጋሕኩም ፡ ዓዱን መሠረቱን ወኒንኩም፡ ሰላም ፡ ፍትሕን በሊዕካ ምሕዳርን ኮሊፍኩምዎ ዘሎኹም ውፁዕ ህዝቢ ብጥሙር ቃልሱ ናኣኻትኩም ኣወጊዱ ህልውናኡን ሰብኣዊ ክብሩን ከምዘምልስ ፈፂምኩም ንደቓይቕ እኳ ክትዝንግዕዎ ዘይግባእ ሓቂ እዩ ነይሩ ። እቲ ብሉፃት ደቂ ሂቡ ሰፍ ዘይብል መስዋእትነት ከፊሉ ናብዚ ዘሎኹምዎ ናይ ሥልጣን ወንበር ዘብፅሐ ህዝቢ ምኳኑ ሎሚ ስቓዩ መከራ እተብልዕዎ ዘሎኹም ብእዋኑ ምርዳእ ከምዘድሊ ብእዋኑ እንተትርድእዎ ዝበለፀ ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኸውንን ። ሎሚ እተጋፍዑዎ ዘሎኹም ህዝቢ እቲ ትማሊ ጠመንጃ ተሓንጊጡ ብርኪ ሓፂን ኮይኑ ኀቦ ሸንጥሮ ፡ መይዳ ፡ ደጕዓ ቆላ ፡ ምድረ በዳ ብተኣምር ዝጥሕስ ዝነበረ ህዝቢ ፡ ሐዚ ግን ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኀይኻ ኣይተምልጥን እትብልዎ ዘለኩም ብህይወት ተሪፉ ሓውልቲ ኾይኑ ትምህርቲ የህልፍ ስለዘሎ ኣንፃርኩም ይኀይ ከምዘሎን ኣብቲ እዋን ጉያ ከዓ ኀይኹም ዘይተምልጡ ንስኻትኩም ዳኣ እምበር እቲ ንመሰል ህዝቡ ኣካሉ ዝሃበ ተባዕ ተጋዳላይ ከምዘይኸውን ወዮ’ዳኣ ማዕዳ ኣይትሰምዑን እምበር ክምዕደኩም እፈቱ ።

ምስ ቀፃሊ ዕሑፈይ ክሳብ እትራኸቡ ሰናይ ቅነ ! ! !